# መምርሒታት

ቅድሚ ነዚ መሳርሒታት/ኪት (KIT) ምጥቃምና፥

- ✓ ነዚ መምርሒታት እዚ ኣንብቢ ወይ ድማ ነቲ ቪድዮ ደረጃ-ብደረጃ ርአዪ፥ screeningbc.ca/cervix

ነዚ መሳርሒታት/ኪት ኣይትጠቐምሉ፥

- ✗ ኣብ ወርሓዊጽግያትኪ ኣብ ዘለኽሉ እዋን። ወርሓዊ ጽግያትኪ ክሳብ ዝውዳእ ተጸበዪ።
- ✗ ነፍሰጾር እንተኰንኪ ወይ ፔሳሪ (pessary) ትጥቀሚ እንተኰንኪ። ብዛዕባ ናይ መርመራ ኣማራጺታትኪ ምስ ወሃቢ ክንክን ጥዕና ተዘራረቢ።
- ✗ ማህጸንኪ እንተተሰዲዳ/እንተተኣልያ (ንኣብነት፥ ፍጹም ምቑራጽ ማህጸን)። ገና መርመራ ማህጸን ኣድላዪ እንተኾይኑ ንምርኣይ ምስ ወሃቢ ክንክን ጥዕና ተዘራረቢ።


## 1

ኣእዳውኪ ተሓጸቢ። ካብ መዓንናጣኺ ንታሕቲ ጥራሕኪ ኩኒ።




## 2

**ነቲ ስዋብ (swab) ኣዳልዊ፥** ነቲ ቀይሕ መኽደኒ ሒዝኪ ነቲ ስዋብ (swab) ካብ'ቲ ቱቦ ንምውጻእ። ነቲ ቱቦ ኣብ ጽሩይ ቦታ ኣቐምጥዮ። **ነቲ ልስሉስ ጫፍ ናይ'ቲ ስዋብ ኣይትተንክፍዮ።**




## 3

ነቲ ስዋብ ኣብ'ቲ ቀይሕ መስመር ሓዝዮ።




## 4

**ሳምፕል (sample) ኣክቢ፥** ኣእጋርኪ ፈላሊኺ/ኣጋሕቲንኪ ደው (ሀ) ወይ ኮፍ (ለ) በሊ። ነታ ካልእ ኢድኪ ተጠቒምኪ ነቲ ዕጻፍ ቆርበት ንድሕሪት ሓዝዮ።





## 5

ናብ'ቲ ብልሙድ ታምፑንኪ (tampon) ትገብርዮ፣ ክሳብ ኣጻብዕትኺ ንደጋዊ ብልዕትኺ (vulva) ዝትንክፍ ቀስ ገርኪ ነቲ ስዋብ (swab) ናብ መሸኒትኪ (vagina) ኣእትውዮ። **ቀስ ኢልኪ ክሳብ 20 ትቖጽሪ** ነቲ ስዋብ ኣዘዋውርዮ።




## 6

ነቲ ስዋብ (swab) ናብ'ቲ ናይ ፕላስቲክ ቱቦ ሸተት ኣቢልኪ ኣጥቢቕኪ ዕጸውዮ።



እንተድኣ ነቲ ኪት (KIT) ኣብ ክሊኒክ ትፍጽምዮ ኰንኪ፥

## 7

እቲ ወሃቢ ክንክን ጥዕና ኣብ ቱቦኺ ናይ'ቲ ዝተኣከበሉ ዕለት ከም ዝጸሓፈሉ ደጊምኪ ኣረጋግጺ። ነቲ ቱቦ ኣብ'ቲ ፕላስቲካዊ ቦርሳ ግበርዮ። ነቲ ቦርሳ ዓሽግዮ።

## 8

ነቲ መአከቢ መሳርሒኺ ዝሓዘ ዝተዓሸገ ቦርሳ ናብ'ቲ ወሃቢ ክንክን ጥዕና ምለስዮ።

## 9


እቲ ወሃቢ ክንክን ጥዕና ናይ ላቦራቶሪ መአዘዚ ወረቐት (requisition) መሊኡ ነቲ ናትኪ ሳምፕል ናብ'ቲ ላብ (lab) ክረክቦ ኢዩ።

ወይ

እንተድኣ ነቲ ኪት ((KIT)) ኣብ ገዛ ትፍጽምዮ ኰንኪ፥

## 7

ኣብ'ቲ ኣብ ቱቦ ዘሎ ተለጣፊ (label) **ከምኡ'ውን** ላብ መአዘዚ ወረቐት ዝተኣከበሉ ዕለት **ብንጹር** ጽሓፍዮ። ነቲ ቱቦ ኣብ'ቲ ፕላስቲካዊ ቦርሳ ግበርዮ። ነቲ ቦርሳ ዓሽግዮ።




## 8

ነቲ ዝተዓሸገ ቦርሳን ናይ ላቦራቶሪ መአዘዚ ወረቐትትክን ኣብ'ቲ መምለሲኡ ኣቐዲሙ ዝተኸፍለ ፖስታ ኣእትውዮም።



## 9

ነቲ ፖስታ ኣብ ቤት-ጽሕፈት ካናዳ ፖስት ወይ ፖስታ ሳጹን ሎሚ ውሰድዮ።።።



እቲ መርመራ ከሕምም የብሉን። ናትኪ ሳምፕል ኣብ እትእክብሉ እዋን ዝኾነ ቃንዛ እንተተሰሚዑኪ፣ በጃኺ ንበዓል ሞያ ክንክን ጥዕና ሓገዝ ሕተቲ።

# ብተደጋጋሚ ዝሕተቱ ሕቶታት

## ናይ ገዝእ ርእሰይ ሳምፕል ብትኽክል ክእክብ ድየ? ከሕምም ድዩ?

ናይ ማህጸን ርእሰ-መርመራ ቀሊልን ክጎድእ ዘብሉን ኢዩ። ካብ መሸኒትኪ ንእሽቶ ሳምፕል ጥራይ ኢዩ ዘድሊ። ነዚ መምርሒታት ብምኽታል፣ ብቐሊሉን ብዘይ ስግኣትን ናይ ገዛእ ርእስኺ ሳምፕል ክትእክቢ ክትክእሊ ኢኺ።

ናትኪ ሳምፕል ኣብ እትእክብሉ እዋን ዝኾነ ቃንዛ እንተተሰሚዑኪ፣ በጃኺ ንበዓል ሞያ ክንክን ጥዕና ሓገዝ ሕተቲ።

## ናይ ባዕለይ ሳምፕል ንምእካብ ጸገም ክህልወኒ ድዩ?

ንሓደ ወሃቢ ክንክን ጥዕና ከመይ ጌርኪ ነቲ ሳምፕል ከም እትወስዲ ከርእየኪ ክትሓትዮ ትኽእሊ ኢኺ ወይ ድማ ክወስዱልኪ ይኽእሉ።

## ነቲ ስዋብ እንተ ኣውዲቐዮኺ?

ነቲ ስዋብ እንተ ኣውዲቕክዮ፣ ከይትጭነቒ ፈትኒ። ከም’ቲ ልሙድ ናብ ላብ ምልኣኽ ዝበለጸ’ዩ። እቲ ስዋብ ኣብ ርጥብ ዝበለ ገጽ መሬት እንተተንኪፉ እቲ ውጽኢት ዋጋ ዘይብሉ ኲይኑ ንክምለስ ተኽእሎ ኣሎ። ርጡብ ገጽ መሬት ንገለ ሳምፕል ጸራሪጉ ክወስዶ ይኽእል ኢዩ፣ ስለ’ዚ ሓድሽ ክትእክቢ ከድልየኪ ይኽእል። ዘክሪ፣ ሓድሽ ሳምፕል ክትእክቢ ከድልየኪ ኢዩ እንተዘይተባሂልኪ፣ ኣብ ሳምፕልኪን ብከመይ ከምዝኣከብክዮን ዝኾነ ጸገም ኣይነበረን።

## ውጽኢተይ ንምርካብ ክንደይ ግዜ ክወስድ ኢዩ ውጽኢተይከ ብኸመይ እረኽቦ?

ሳምፕልኪ ብፖስታ ድሕሪ ምልኣኽ ካብ 4 ክሳብ 6 ሰሙን ውጽኢትኪ ናባኽን ናብ ወሃቢ ክንክን ጥዕናንኽን ክስደድ ኢዩ። ናይ ላብ ውጽኢትኪ ብመንገዲ HealthGateway ኣብ healthgateway.gov.bc.ca እውን ክርከብ ኢዩ።

## ልዑል ሓደጋ ዘለዎ ዓይነት ኤች.ፒ.ቪ (HPV) እንተተረኺቡኺ?

ልዑል ሓደጋ ዘለዎ ኤች.ፒ.ቪ ከምዘለኪ ምፍላጥ መንሽሮ/ካንሰር ኣለኪ ወይ ከተማዕብሊ ኢኺ ማለት ኣይኰነን። ውጽኢትኪ ንዝቕጽሉ ስጉምታትና ንምፍላጥ ክሕግዙ ኢዮም። ኣብ ውጽኢታትኪ ምርኩስ ብምግባር ከኣ ናይ ፓፕ (Pap) ወይ ኮልፖስኮፒ (colposcopy) መርመራ ከድልየኪ ይኽእል ኢዩ።

## እዚ ናይ ኪት መርመራ ብዘይካ ኤች.ፒ.ቪ ንዝኾነ ካልእ ክምርምር ድዩ?

እዚ ኪት ንልዑል ሓደጋ ዘለዎም ዓይነታት ኤች.ፒ.ቪ ጥራይ ኢዩ ዝምርምር። ንካልኦት ብጾታዊ ርክብ ዝመሓላለፉ ረኽስታት (STIs) ክትምርምሪ ምስ እትደልዪ፣ በጃኺ ምስ ወሃቢ ክንክን ጥዕና ተዘራረቢ።

## ነቲ ናተይ ኪት ኣጥፊአዮ/ኣበላሺወዮ፤ ሓድሽ ክሓትት እኽእል ድየ?

ናትኪ ኪት እንተ ድኣ ኣጥፊእክዮ ወይ ኣበላሸኽዮ፣ ሓድሽ ንምሕታት በጃኺ ናብ ቢሲ ናይ ማሕጸን ካንሰር መርመራ (BC Cancer Cervix Screening ) በዚ ዝስዕብ ደውሊ፥ 1-877-702-6566።

## ናተይ ስምፕል ኣብ ፍሉይ ኵነታት ኣየር/ተምፐረቸር ክዕቀቦ ድዩ ዘለኒ?

ኣይፋልን፣ ናትኪ ሳምፕል ኣብ ናይ ክፍሊ ሙቐት ምዕቃቡ ጽቡቕ’ዩ።

## ኣብ’ታ ናተይ ሳምፕል ዝእክበላ መዓልቲ ንኪተይ ክመልስ እንተዘይክኢለ እንታይ ይኸውን?

ነቲ ናትኪ ኪት ኣብ ሽዑ መዓልቲ ክትመልስዮ እንተዘይክኢልኪ፣ በጃኺ ነቲ ናትኪ ሳምፕል ካብ ዝተኣከበሉ መዓልቲ ካብ 7 መዓቲ ኣብ ዘይሓልፍ ግዜ ኣብ ቤት-ጽሕፈት ኻናዳ ፖስት ከምዝወሰድክዮ ኣረጋግጺ።

## ምልክታት መንሽሮ/ካንሰር ማህጸን የጋጥመኪ ኣሎ ድዩ?

ድሕሪ ጾታዊ ርክብ፣ ኣብ መንጎ ወርሓዊ ጽግያት ወይ ድሕሪ ጽግያት ምፍሳስ ደም እንተሃልዩኪ፤ ዝውስኽ ፈሳሲ ብመሸኒት/ርሕሚ፤ ቃንዛ ጎሎ (pelvic pain ) ወይ ቃንዛ ኣብ እዋን ጾታዊ ርክብ፣ ምስ ዝህልወኪ ምስ ወሃቢ ክንክን ጥዕና ተዘራረቢ። ዋላ ውጽኢት መርመራኻኺ ንቡር እንተኾነ፣ ጥዕና ማህጸንኪ ንምሕላው ነዞም ምልክታት እዚኣቶም ምጥማቶም ኣገዳሲ ኢዩ።

---


ሕቶታት ምስ ዝህልወኪ ንቢሲ ናይ ካንሰር መርመራ ርኸብዮም (BC Cancer Cervix Screening)፥
1-877-702-6566
www.screeningbc.ca/cervix



ብዘይካ ካብ ቢሲ ካንሰር (BC Cancer) ስልጣን ምርካብ፣ ነዞም መምርሒታት እዚኣቶም ዝኾነ ይኹን ምብዛሕ፣ ለውጢ ምግባር ወይ ምዝርጋሕ፣ ብሙሉእ ይኹን ብከፊል፣ ብጥብቂ ክልኩል ኢዩ። Version: February 2024